ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ ነቲ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ዝዉዕል ኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ ፣ ናይ መኪና ዝ/ዩ ጎማታትን ጨረታ ኣወዳዲሩ ክገዝእ ስለዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቆሒታት እተማልኡ ንክትጫረቱ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሚያዝያ 16, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 30, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 30, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ሕጋዊ ንግድ ፍቃድ ዘለዎን ናይ 2011ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰን

2 ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቑፅሪ TIN No ዘለዎ፤

3 ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገቡን መረዳእታ ፎቶ ኮፒ ገይሩ ኣታሒዙ ዘቅርብ፤

5 ንናይ መኪና መለዋወጢ ኣቅሑት ናይ ጨረታ መክበሪ ቢድ ቦንድ 3000 /ሰለስተ ሽሕ/ ፣ ንኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ ብር 6000 .00 ሽሕ ቅርሺ ብሽም ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ብዝተረጋገፀ CPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ንሕድሕድ ጨረታ ሰነድ ኣብ ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት ከትሕዝ ዝክእል፤

6 ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈትና ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ቢሮ ቑፅሪ 26 ዘይምለስ ብር 50.00 /ሓምሳ/ ብምክፋል ካብ ዕለት 15/08/2011 ክሳብ ዕለት 30/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናይ ንጉሆ ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ምዉሳድ ይከኣል።

7 እቲ ጨረታ ዕለት 30/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ናይ ንጉሆ ተዓሺጉ በቲ ዕለት በዓል ዋና ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዘለዉሉ ልክዕ ሰዓት 4:00 ይኽፈት መቅረብቲ ብናይ ባዕሎም ድልየት ተዘይተረኪቦም እቲ ቤት ፅሕፈትና ጨረታ ፖስታ ንምክፋት መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፤

8 ናይ ቫት ተመዝጋቢ ዝኮነን ናይ ቀረባ እዋን ዲክለር ዝገበረሉ መረዳእታ ዘቅርብ

9 ብተጫረቲ ዋጋ ዝምላእ ካብ ቤት ፅሕፈትና ብዝተዉሃበ ሰነድ ጥራሕ ክከዉን ኣለዎ ካብዚ ወፃኢ ዘቅርብ ተቀባልነት የብሉን።

10 ዝምላእ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ገፅ ፊርማን ማህተምን በዓል ዋና ከህልዎ ይግባእ ብተወሳኪ ኣብ ፖስታ ማህተም ክህሉ ይግባእ ካብዚ ወፃኢ ዘቅርብ ተቀባልነት የብሉን።

11 ናይ ተጫረቲ መልሲ መቅረቢ ናይ ዋጋ መምልኢ ሰነድ ብኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዲ ዝተዓሸገ ኣብ ሕድሕድ ገፅ ፊርማን ማህተምን መቅረባይ ዘለዎ ኣብ ፖስታ ልዕሊ ብዓብይ ፅሑፉ ኮፒ ኦርጅናል ዝብል ዘለዎ ከፀሐፍ ይግባእ።

12 ተጫራታይ ኣብቲ ዋጋ መምልኢ ሰነድ ዝመልኦ ነፀላ ዋጋ ምስ ቫቱ ደሚሩ ኣብ ሕድሕድ ዓይነት ንብረት ከቅምጥ ኣለዎ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ተጫራታይ ኣብቲ ዋጋ መምልኢ ሰነድ ዝመልእ ነፀላ ዋጋ ምስ ቫቱ ደሚሩ ንሕድሕድ ዓይነት ንብረት ከቅምጥ አለዎ፡፡

14 ቤት ፅሕፈና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፡፡

ንዝበለፀ ሐበሬታ ስቁ 0344-401099

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ፡፡ 2013 - 2026 Made with love in Mekelle